
ስነ ስርዓት ቀብሪ
ገባር ሰናይን ጋዜጠኛን
ነፍሲሄር ብርሃነ ወልደገብሪኤል
ሰሉስ 10 ሕዳር 2020
ጸሎተ ፍትሓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ኪዳነ ምህረት ተዋህዶ ቤተክርስትያን
ስነስርዓት ቀብሪ 01:30 ድሕሪ ቀትሪ
ቤተሰብ
ምኽንያት ቀይዲ ምንቅስቓስ ኮረና ንመዋቲ ኣብ
ገገዛኹም ብጸሎት ክትፋነዉዎ ነዘኻኽር ይብሉ።



Honoring The Life of

*Berhane Woldegabriel*

7 Jan 1946 - 26 Oct 2020





Berhane at the rescue mission in the Mediterranean Sea.



Berhane in West Yorkshire,
where the land scape reminded him of Eritrea.



# ሓጺር ታሪኽ ሂወት ብርሃነ ወልደገብሪኤል

ብርሃነ ወልደገብሪኤል ብ7 ጥሪ 1946 ዓም ኣብ ዓዲ ጭጉኑ ወረዳ ቐሓይን ተወሊዱ ኣብ ኣስመራ ዓብዩ። ወለዱ ካፕቴን ወልደገብሪኤል ወልደገርጊሽን ወይዘሮ ትበርሀ ኣዳነን ኮይኖም፡ ብርሃነ ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተማሂሩን ሚሂሩን። ቀጺሉውን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ታሪኽን ስን ትምህርትን ኣጽኒዑ።

ትምህቱ ምስ ወደአ መምህር ክኸውን ባህጊ ስለዝነበሮ፡ ኣብ ከተማ ኣቁርደት ንሓደ ዓመት ብነጻ ደሕሪ ምምሃር በቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ተገዲዱ ንሱዳን ተሰደ። ቀጺሉ ንሓደ ዓመት ኣብ ኮምቦኒ ፖርት ሱዳን ደሕሪ ምምሃር ኣብታ ብሚኒስትሪ ዜናን ባህልን እትሕተም ሱዳን ናው ትብሃል ፍልጥቲ መጽሔት ከም ጋዜጤኛ ንሸውዓት ዓመት ብምስራሕ ሁቡብነትን ተፈላጥነትን ኣጥርዩ። ቀጺሉ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ናይ ዜናን ርክብን ኣወሃሃዲ ኮይኑ እናገልገሎ ከሎ፡ ስደተኛታት ብሕጽረት መግቢ ክሞቱ ምስ ጀመሩ ነቀፌትኡ ኣብታ ኣብ ኦክስፎርድ እትሕተም ረፊጂ ስታዲስ ዝተባህለት መጽሔት ስለዝጽሓፈ ብመንግቲ ሱዳን ንቁብ እዋን ተኣስረ። እንተኾነ ግን ብሓገዝ ፈተውቱ ብቕልጡፍ ምስተፋትሐ ናብ ካልኣይ ስደት ናብ ለንደን ኣምርሐ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከም ተርጓማይን መምህርን ቛንቋታት ትግሪኛ፡ ኣምሓርኛን እንግሊዝን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሶኣስን ካልኦትን ትካላትን ኣገልገለ። ጎኒ ጎኒ ስርሑ ኣብ 1995 Eritrean Education and Publication Trust ዝብሃል ናይ ግብረሰናይ ትካል ብምምስራት፡ ምስ Initiatives of Change.
ዝተባህለ ናይ ግብረሰናይ ትካል ብምትሕብባር ኣብ መንጎ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምጹ ስደተኛታት ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኤርትራውያን ሰላምን ስኒትን ክዓስል ጺዒሩን ሰሪሑን።

ብርሃነ ድሕሪ ተረኽቦ ሓደጋ ላምፔዱሳ ስደተኛታት ኣብ ምድሓን ምስ ዝተዋፈረት ብትካል ሕጻናት ኣድሕን (ሰይቭ ዘ ቺልድረን) ምስ እትካየድ መርከብ ንሒደት ኣዋርሕ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብምስራሕ ሓያሎ ስደተኛታት ኣብ ምድሓን ሕልናዊ ሓላፍነቱ ዝተዋጽአ ሰብ እዩ ኔሩ።
ብርሃነ እምበኣር ናይ ብሓቂ ክፉት ኣእምሮ ዝነበሮ፡ ንነገራት ኣስፍሕ ኣቢሉ ዝርኢ፡ እፈልጥ እየ ኢሉ ዘይዕበ ወትሩ ትሑትን መኽበሪ ሰብን እዩ ነይሩ።

ብርሃነ ኣቦ ሓሙሽተ ደቅን ክልተ ደቂ ደቅን እዩ ።

ብርሃነ ብዝሓደሮ ሓጺር ሕማም ብዝፈትዋ ሃይማኖት ሓፍቱን ደቃን፡ ብእምንቲ መሳንይቱ ኣማንዳን፡ ናይ ቀረባ ፈተውቱን ተኸቢቡ ብዕለት 26 ጥቅምቲ 2020 ኣብ ሎንደን ብሰላም ዓሪፉ።

መንግተ ሰማይ የዋርሶ።

# BERHANE WOLDEGABRIEL SHORT OBITUARY (LIFE STORY)

Berhane Woldegabriel, was born on 7 Jan 1946 at village called Adi Chegno in Eritrea, from his father Captain Wodegabriel Woldegergish and his mother weizro Teberh Adane and brought up in Asmara, Eritrea.

He moved to Ethiopia as a young teacher and studied at Addis Ababa University. War and political upheaval meant that he never returned home to Eritrea again for more than a few days. He was forced to leave his country and settled to Sudan for 13 years. There he was a renowned journalist for the magazine Sudanow and worked for the UNHCR with Eritrean refugees who fled to Sudan during the independence struggle. He had to leave Sudan when the government of Omar Al Bashir marked him for his critical journalism.

He settled in 1990 in Britain, based in London from 1993. His devotion to Eritrea remained constant, and he worked assiduously for his adopted country, Britain. Throughout his journey, he offered love, friendship and inspiration as a teacher, journalist, community activist and conciliator. He had an unstinting commitment to his fellow refugees, amongst his own Habesha community, in the wider East African diaspora, and amongst diverse groups including people from Uganda and Iraq. In1995 he founded a charity, the Eritrean Education and Publication Trust, though which he extended his reconciliation and educational work with collaboration, a charity called Initiatives of Change (IoC).

Three years ago, after the Lampedusa incident, Berhane left his teaching appointment at SOAS to join two rescue missions with Save the Children, to assist hundreds in their dangerous crossing of the Mediterranean.
Berhane never sought fame or status through his work. Modesty, great political insight and subtle encouragement were the hallmarks of his approach. He loved people regardless of nationality and creed. Berhane loved West Yorkshire, where the landscape reminded him of Eritrea.

Berhane leaves five children, Yemane, Medhanie, Fewien, Hadish and Jonathan, and two grandchildren, Yemane's children Raphael and Abigail, his sister Haymanot in London, seven other siblings in his homeland, his siblings' families and many devoted friends.

Berhane died in Barnes, London on 26 October 2020 surrounded by his sister Haymanot and her children, his loyal & devoted friend Amanda, and his close friends.

**May his soul rest in peace.**